## ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላት ጨንፈር
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሆላንድ

### ክፍሊ ዜናን ባህልን
### ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
### 22.12.2009

ብዕለት 19-12-2009 ኣብ ሆላንድ ዝርከብ ጨንፈር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላት ኣካይዱ። ኣብቲ ኣኼባ ዝተዘተየሉ ቀንዲ ጉዳይ፡ ጉዕዞ ናይ'ቲ ኣብ መፈጸምታኡ ክበጽሕ ገለ መዓልታት ተሪፍዎ ዘሎ ዋዕላ ናይ ሰለስተ ውድባት ኢዩ ነይሩ።

ኣኼባ ኣባላት ጨንፈር ሆላንድ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓድነት ወይ ከኣ ስምረት ናይ'ተን ብፖለቲካዊ ፕሮግራመን ዝመሳሰላ ውድባት ወይ ሰልፍታት፡ ንብዝሒ ውድባት ዘጻብብ፣ ብቐንዱ ከኣ ንስቅያት ህዝብና ዘሕጽርን ንካልኣዊ ግርጭታትና ኣብ ምምሕዳር ዓቢ ተራ ዘለዎ ኣገዳሲ ጉዳይ ምዃኑ መዚኑ።

ኣኼባ ጨንፈር፡ ድሕሪ'ቲ ብ31 ታሕሳስ ዝዛዘም መሪሕነታዊ ምጽንባራዊ ዋዕላ፡ መሰረታት ሰለስቲኡ ውድባት ንምትሕንፋጽ ኣብ ዝካየድ መስርሕ፡ ኣባላት ጨንፈር ካብኦም ዝድለ ኵሉ ግቡኣት ክፍጽሙ ከይተሓለሉ ክጽዕቱ ከምዘለዎም ርእዩ። ኣብ ርእስ'ዚ፡ ኣባላት ሓድሽ ሰልፊ፡ ካብ'ቲ "ንሕና ንሶምን" ዝብል ስምዒታት ወጺኦም፡ ንዕላማታት ሓባራዊ ሰልፊ ንምዕዋት ሓደ ኣካል ኰይኖም ክሰርሑን፣ ንሓድነቶም ከም ዓይኒ ቢለኖም ክሕልዉን ኣኼባ ተማሕጺኑ። ከምኡ ውን፡ ንፖለቲካዊ ሃልኪ ተባሂሉ ብዝፍኖ ነፍሒታት ማኣዝናቱ ከየጥፍአ፡ ንሃገራውን ህዝባውን ረብሓታት ቀዳምነት ብምሃብ ከይሰልከየ ንለውጢ ክቃለስን ንለውጢ ክሰርሕን ኣድላዪነቲ ዕዙዝ ምዃኑ ኣትሪሩ ኣስሚሩሉ። ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ነቶም ኣብ ልዕሊ እዘን ዝሰምራ ዘለዋ ሰልፍታት ዝካየድ ምኽንያትን ሓቅን ጭብጥን ዘይብሉ ጸለመ፡ ንረብሓ እቲ ኣብ ስልጣን ተወጢሑ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት እምበር፣ ንህዝብና ክንዲ ቅንጣብ ፍረ ኣድሪ ዝኣክል ረብሓ ከምዘይብሉ ብምግንዛብ፣ ካብ ተጻይ መልስን ካብ ሃልክን ርሒቑ ኣብ ሃናጺ ልዝብን ምርድዳእን ዝተሰረተ ዝምድናታት ንምፍጣር ሰልፍና ኵሉ ዝከኣሎ ክገብር ከምዘለዎ ኣኼባ ብዕቱብነት ርእዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣኼባ ጨንፈር ሆልና፡ ምጽንባራዊ ዋዕላ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ዕዉት ኰይኑ ክወጽእ ዘለዎ ልባዊ ትምኒት ገሊጹ። ህዝብን ሃገርን ንምድሓን፣ ኩሎም ተቓወምቲ ሓይልታት ተሓጋጊዞም ክሰርሑ ተማሕጺኑ።